# ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ናይ ጥሜት ሓደጋ
# ክህሉ'ዩ ክብል ሕቡራት ሃገራት ኣጠንቂቑ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**2409.2009**

ብሰንክ'ቲ ንኽልተ ተኸታተልቲ ዓመታት ዘጋጠመ ናይ ዝናም ሕጽረት፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝርከብ 20 ሚልዮን ዝኸውን ኣህዛብ ናይ መግቢ ረዲኤት ከድሊ'ዩ ክብል፡ ፕሮጋም መግቢ ዓለም (WFP) ዝተባህለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል ገሊጹ።




ቀጺሉ፡ እቲ ኣብ ምወላ ናይ'ቲ ትካል ዝተገብረ ምንካይ፣ ኣብ ከንያ፡ ሶማልያ፡ ሶማሊላንድ፡ ኤርትራ፡ ጅቡትን ኢትዮጵያን ንዝነብሩ ኣህዛብ ንምምጋብ ኣጸጋሚ ገይርዎ ኣሎ ኢሉ። ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዘጋጥም ዘሎ ዕልቕልቕ ከኣ፡ ንምንቅስቓስ ናይ ረዲኤት መግቢ ተወሳኺ ጸገም ኰይኑ ምህላዉ ውን ሓቢሩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ልዕሊ 14 ሚልዮን ዝኾኑ ኣህዛብ ናይ'ቲ ዞና ረዲኤት የድልዮም'ዩ ተባሂሉ ነይሩ። ኡዳክ ኣሚሞ፡ ዝተባህለ ወኪል ቢቢሲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ፕሮግራም መግቢ ዓለም (WFP) ብዛዕባ ኤርትራ ርግጽ ዝኾነ ሓበሬታ ክረክብ ዘይምኽኣሉ፡ ነቲ ትካል ብዝያዳ ኣሻቒልዎ ከምዘሎ ኣመልኪቱ። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ምንቅስቓስ እገዳታትን ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይምርካብን ሓበሬታ ንምርካብ ኣጸጋሚ ኰይኑ ምህላዉ ውን እቲ ትካል ጠቒሱ። ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ብሕጽረት መግቢ ዝሳቐዩ ሕጻናትን ጥኑሳትን፡ እቶም ኣብ'ቲ ዞና ዝርከቡ ኣህዛብ ዝረኽብዎ ዘለዉ ደገፍ ክረኽቡ ይኽእሉ ከምዘየለዉ ውን እቲ ትካል ኣቃሊዑ። ኣብ ርእስ'ዚ ከኣ፡ ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዘሎ ዕልቕልቕ፡ ረዲኤት ብግቡእ ኣብ ዝድለየሉ ቦታታት ከይበጽሕ ዕንቅፋት ይኸውን ኣሎ ኢሉ። መንግስቲ ኢትዮጵያን ፕሮግራም መግቢ ዓለምን፡ ንወደባት ሱዳንን ሶማሊላንድን ንኽጥቀሙ፡ ንመንግስታት ናይ ክልቲኣን ሃገራት ከዕግቡ ይጽዕሩ ከምዘለዉ ውን ኣሚቱ።